# ባይቶ ክነሰት መንግስቲ እስራኤል፣ ንሓተቲ ዑቕባ ንዘይተወሰነ ግዜ ብዘይ ፍርዲ ንኽእሰሩ ሓጊጉ።

ባይቶ እስራኤል ካብ 1948 ዓ.ም.ፈ. ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ደቂ ፓለስቲና ዝፍጽሞ ዘሎ ግፍዒ፣ ንኹሉ ዜና ዓለም ዝከታተል ሰብ ብሩህ እዩ። ስለዚ እቶም ንኢስራኤል ዑቕባ ክሓቱ ዝመጹ ዑቕበኛታት ኣዝዮም ገርሀኛትትን ግጉያትን'ዮም። **መንግስቲ እስራኤል ከኣ ንኮንሰንትረሽን ካምፕ ወይ ንቤት ማእሰርቲ ኣስታት 160 ሚልዮን ዶላር ባጀት መዲቡ ከምዘሎ ብማዕከን ዜናታት ዓለም ድሮ ተፈሊጡ ኣሎ።** ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኢሰያስን መንግስቲ እስራኤልን ድማ ብስዉርን ብግሁድን፣ ኣዝዩ ዱልዱል ምዃኑ ተኻታተልቲ ኤርትራን እስራኤል ዘረጋገጹዎ ሓቂ እዩ። እቲ ዝገርም ድማ ኣብ እስራኤል ኣስታት 25 ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን ዑቕበኛታት ኣለው። እዚ ባይቶ ክነሰት ኣጽዲቑዎ ዘሎ ሕጊ፣ ንመሰል ዑቕበኛታት ዝግህስን ኑቲ ዓለምለኻዊ መሰል-ደቂ-ሰባት ዝጻረር ከም ዝኾነ ከኣ ፍሉጥ'ዩ። ስለዚ እቶም ዑቕብ ንኽረኽቡ ንእስራኣኤል ዝኸዱ ዘለው ስደተኛታት፣ ካብ መንግስቲ እስርኤል ብዘይካ ማእሰርቲ ካልእ ክጽበዩ የብሎምን። መኽንያቱ እስርኤል ብሕጊ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ተማእዚዛ ዘይትፈልጥ ሃገር ምዃና፣ ኩሉ ተኻታታሊ ዜና ዓለም ዝፈልጦ ስለዝኾነ።

ብተወሳኺ ድማ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ደቂ ፓለስቲና፣ ካብ 1948 ዓ.ም.ፈ. መዘና ዘይብሉ ግፍዕታት ከምዝፈጸመት ኩሉ ህዝቢ ዓለም ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ከኣ፣ እቲ ክሳብ ሎሚ ብባይቶን ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ዝሓለፈ፣ ካብ 2000 ንላዕሊ ኣንጻር እስራኤል ዝሓለፈ ውሳኔታትን እገዳታትን፣ ሰማዒ ረኺቡ ኣብ ግብሪ ተተግቢሩ ከቶ ኣይፈልጥን። መኽንያቱ መንግስቲ ኣሜሪካ ንበይና ቮቶ-ፓወር ስለዘለዋ ኑቲ ኣንጻር እስራኤል ብባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ዝሓልፍ ውሳኔታት፣ ኵሉ ግዜ ተቓዊማ ስለተፍሽሎ። ስለዚ እስርኤል ዳኛ ዘይብላ መንግስቲ ስለዝኾነት፣ መሰል ዑቕበኛታት ክትሕልወልና ኢያ ኢሎም ንሃገር እስራኤል ዝኸዱ ሰባት ግጉያት'ዮም። ብዙሕ ግዜ መንግስቲ እስራኤል፣ "ኣዶልፍ ሂትለር ኣብ 2ይ ኵናት ዓለም ንዩሁዳውያን ጋዝ ነስኒሱ ጠጢቑዎም እዩ" እናበሉ፣ ዓመት ዓመት ማኣለያ ዘይብሉ ሚልዮናት ዶላራት ካብ መንግስቲ ጀርመን ይኽፈሉ። ሎሚ ይኹን ቅድሚ ሎሚ፣ ብዛዕባ'ቲ መንግስቲ እስራኤል፣ ካብ 1948 ዓ.ም.ፈ. ጀሚራ ክሳብ ሎሚ፣ ማለት ን64 ዓመታት ዝኣክል ከየቋረጸት፣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ፓለስቲና ይኹን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዓረብ ዝፈጸመቶን፣ ገና'ውን እትፍጽሞ ዘላ ግፍዕን ኣልዒሉ ዓገብ ዝብል ሰብ ሰማዒ እዝኒ ኣይረክብን እዩ። እኳድኣ ብዛዕባ እስራኤል እትፍጽሞ ኢሰብኣዊ ግፍዕታት ኣልዒሉ ዝቃወም ሰብ ከቢድ ስጉምቲ ከይውሰዶ ጥራይ እዩ ዘስግእ።

ስለዚ እቲ ዑቕበኛታት ክወስድዎ ዘለዎም ውሳኔ እምብኣር፣ ካብ ሃገሮ ሃዲሞም ኣብ ኣብ ጓና ሃገር ክዕቆቡ የብሎምን። ኣብ ክንዲ ንእስርኤል ከይዶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝኣትዉ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ኮይኖም ኑቲ ዝጭቀጥኖም ዘሎ መንግስቲ ክምክቱ ይሕሾም። መኽንያቱ ኑቲ ጨቋኒ መንግስቲ ሃገሮም እንተ መኪቶሞ፣ ንሓዋሩ ቅሳነት ክረኽቡ ስለዝኽእሉን፣ ኑቲ ስልጣን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክቈጻጸሩዎ ኣንተድኣ ክኢሎም ድማ፣ ካብ ሃገሮም ከሰጎም ዝኽእል ሓይሊ ከምዘይህሉ ክርዳኡ ኣለዎም። ብመሰረቱ ከይተቓለስካ ዝመጽእ ዓወት የልቦን። መንግስቲ ይመጽእ ምስኣረገ ከኣ ክሓልፍ ባህርያዊ እዩ። ቀልጢፉ ንኽሓልፍ ግና ተቓውሞን ቃልስን መንእሰያት ግድነት የድልዮ። ስለዚ እዚ ኣብ ኤርትራ ዝጭቍን ዘሎ መንግስቲ፣ ዋላኳ ሓደ እዋን ዕድሜኡ ኣእኪሉ ክሓልፍ እንተኾነ፣ ቀልጢፉ ንኽሓልፍ ግና ተቓውሞ መንእሰያት ግድነት የድልዮ።

ስለዚ ክቡራት መንእሰያት ኤርትራውያን ግፍዕን ጭቈናን ንድሕሪት ገዲፍኩም፣ ካብ ዝብኢ ኣብ ቶኽሉ ካብ ትዕቈቡ፣ ኑቲ ዝብኢ መኪትኩም ስዒርኩም ኣብ ሃገርኩም ንኽትነብሩ ጽዓሩ።

ዜናን ሓበሬታን መርበብ ደቀባት ኤርትራ
12.01.2012 ዓ.ም.ፈ.